# ታሪኽ ሃገረ ኤርትራ 1991 -2014

# ታሪኽ ቅያን ሓበንን!

## ፩ይ ብሽራት ሸግ ናጽነት ኤርትራ (1991)

እንቋዕ ኣብጸሓና ናብ'ዛ ብርኽቲ ዕለት
ጸላእትና ኣንበርኪኽ ናብ ጉድጓድ ዘእተወት
ኣውያት ኤርትራውያን ንዓለም ዘሰመዐት
ምብቃዕ ዕድመ ባርነት ዘበሰረት

ጸብጺብካ ዘይውዳእ፡ ታሪኽና ክንዘርዝር
ክንደይ'ባ ተሰርሐ፡ ንዓለም ዘስተንክር
ጸላኢ ተመኪሐ፡ ጎነተ መሳርያ ዘስክር
ኤርትራዊ'ንካ ኣሎ ካብ ዘየለ ዝፈጥር

## ፪ይ ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ኤርትራ ከም ሃገር (1869-1990)

ብ1862 መትረብ ሰውጽ ምስ ተኸፍተ
ግዝኣት ኤውሮጳውያን ናብ ኣፍሪቃ ጠመተ
ፈረንሳ፡ ብሪጣንያ፡ ጣልያን ካብኩለን ሰለስተ
ገለ ኣቓልበአን ፡ናብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣመተ

ብ1869 ኢጣልያ ኣንበረት እግራ ኣብ ኤርትራ
ብ1885 ባጽዕ፡ ብ1889 ከረን ምስ መንደፈራ
ብ1890 "ኤሪትረያ"ፈጠረት ኣሰንያ ጃህራ
"ግዝኣተይ'ያ" እንዳበለት ከኣ ኣስተርሓወት ኣብ ኣስመራ

## ፫ይ መግዛእቲ ጣልያን (1890-1941)

ጣልያን ምስ ሓዝዋ ከም ኩሎም ገዛእቲ
"ንሕና ጥራይ ኢና" በሉ ኣዘዝቲ ወነንቲ
ኩሉ ዝተጻበኦም ደጉንዎ ኣብ መሕየርቲ
ሓያሎይ'ውን ተቐዝፉ ብናይ ሞት ማህሰይቲ

ንትካላት መግዛእቲ ቀዳምነት ብቕጽበት ተዋህበ
ምስፍሕፋሕ ግዝኣት’ዩ ነይሩ ድልየታ ብዓንተቦ
ንናይ ህዝብና ድልየትን ባህግን ከይሃበት ኣቓልቦ
ናብ ኢትዮጵያን ሊብያን ኣኽተተቶም ከነቕጹ ከም ኩቦ

ደጊም “ኤርትራ ኢጣልያዊት እያ” ብማለት
ጽርግያታት፡ ሓጽብታት፡ ከተማታት ኣማዕበለት
ንጥቕማ ኢላ ከኣ፡ ክሳዕ ፬ይ ክፍሊ፡ ንክፉል ህዝብና ኣምሃረት
ንረብሓ ከኣ ንኡስ፡ ግንከ ኣገዳሲ ሓይሊ ሸቓሎ ፈጠረት

በቲ ግዜ ዝነበረ ናይ ናይ ኤርትራ ቁጠባዊ (ተክኒካዊ) ምዕባለ
ስለ ዝነበረ ካብ ጎረባብትና ብዓይነቱን ብኣበርክቶኡን ዝለዓለ
ካብ ጽቡቕ ጉርብትና ናብ ዘይወጽእ ቅንኢ ኢትዮጵያ ዘንበለ
‘ንኤርትራ ክንውሕጥ’ሎና’ ዝብል እከይ ተንኮሎም ከኣተፈትለ

## ፬ይ ምምሕዳር (መግዛእቲ) እንግሊዝ (1941-1952)

ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ጣልያን ምስ ተሳዕረት
ብሪጣንያ ንኤርትራ ‘ከትማሓድር’ ብሕ.መ. ተመዘዘት
ምምሕዳራ ግን ካብ ገዛእቲ ስርዓታት ነይፈለየት
ደጋፊት ናጽነት ኤርትራ ተመሲላ ምስ ኢትዮጵያ ደኣ ተመሻጠረት

ጥማየ ኣብያተ ትምህርትታትን ሕክምናታትን ‘ኳ እንተ ኣሰረሐት
ኣብ መጨረሻስ’ባ ምሉእ ተንኮላታ እኳ ክትሓባብኦ ነይከኣለት
‘ኤርትራ ሃገር ክትከውን ኣይትኽእልን’ ብምስምስ “ድኽነት”
ፍርቃ ተመቒላ ደኣ ንሱዳንን ንኢትዮጵያን ትተዓደል ከኣ በለት

የግዳስ ብርቱዕ ሃገራዊ ተቓውሞ ህዝብና ምስ መረራ
ከይፈተወት ናይ ተንኮል ማእለማኣ ኣኽሪራ
ጸውዐት ንሕቡራት መንግስታት ኣብ ኣስመራ
“ክፈትሕዎ” ተላበወት ንጉዳይ ኤርትራ

“ዕድል ኤርትራ ይረአ” ተባህለ በርባዕተ ‘ሓያላን’
እንተዘይኮነ ብጉባኤ ሕቡራት መንግስታት ይበየን
እንታይሞ፡ ኣመሪካን ሰዓብታን ክብላ ንጥቕማተን
ቆረናኣ ደኣ ንኤርትራ ሃገርናስ ከም’ታ ሓሰብ ልበን

## ፰ይ መግዛእቲ ኢትዮጵያ (1952-1991)

ግዝኣት ግዝኣት’ዩ፡ ገዛኢ’ውን ገዛኢ
ኢትዮጵያ ግን ከምቲ ሃርጓም ዝብኢ
ንጥሪት ዝብህገን ብርቱዕ ተጻባኢ
ሓረደት ጨፍጨፈት ንህዝብና ልዕሊ ኩሉ ጸላኢ
ህዝብና ብኹሉ - ቆልዓ ሰበይቲ ተሰዲዱ
ከርፋሕ ናብራ የሕልፍ ነይሩብዘይ ፍቓዱ
ከብትና ከም ሕሱም ተሓርዳ ጸነታ ጤለ-በዱ
ኣባይትና ዓነወ ኣእካልና ነዲዱ
ዝርካበን ትካላትና ናብ ኢትዮጵያ ኣግዒዛ
ቋንቋናን ወግዕናን ከይነማዕብል ወጊዛ
ናይ ኣምሓራ ቋንቋ ብወግዒ ኣዚዛ
ንህዝብና በለት “ኣይምሰልኩም ዋዛ”
ኣየወ ግፍዓት ኢትዮጵያስ ንበይኑ እዩ በይኑ
“ኤርትራዊ’የ” ማለት ያኢ ገበን ኮይኑ
ክንደይ መናእሰይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጒኑ
ኣእላፍ ካብ ህዝብና ብዘይ ፍርዲ ተረሺኑ

## ፱ይ ቀጻሊ ተቓውሞ ህዝብና (1940-1991)

ንዝክሮ ንሕበን ብቓልሲ ተባዕ ህዝብና
ኣብ ጉራዕ ዝተገብረ ኣንጻር መግዛእቲ መኸተ እንተዘከርና
ራእሲ ወልደሚካእል፡ ደግያት ባህታ ሓጎስ ጠቒስና
ኢብራሂም ሱልጣን ወልደኣብ ወልደማርያም ጀጋኑ ኣቦታትና
ንከተሎም ኣሰሮም ምእንቲ ድሕነት ሃገረ-ህዝብና
“ኣጆኹም ተቓለሱ” ኢሎም “ሕድሪ! ” ካብ በሉና
ኢድሪስ ዓዋተ ናይ መጀመርታ ጥይት ካብ ኣበሰረና
ደጊም ናትና ስራሕ ጥራሕ እዩ ንህነጸ ነማዕብል ሃገርና
ሰላሳ ዓመት ተጋዲልና ነዚ ንምትግባር
ሓርነትና ጨቢጥና ምስ ህዝባዊ ግንባር
ድሌትና ሓደ’ዩ - ናጽነት ኤርትራ ብሓባር
ካብ ዝሓለፈ ጌጋታትን’ዶ ግዳ ንመሃር
ቅርብ ኢልና እንተረኤና ዝሓለፈት ዓመት

*ፍሊይቲ ትኽውን ብጭብጥታት ሰድሪ እመት*
*ናይ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ሽሕጣን ዘምከነት*
*ንዓለም ዘግሃደት ናይ ተጻባእቲ ፍሽለት*

## *፫ይ ለበዋ (ሓደራ) (2014)*

*ብልቢ ብትግሃት ንሰራሕ ንሃገርና*
*መግዘቲ ዘናፍቕ እንታይ ኣድለየና፣*
*ንቕድሚት’ ምበር ንድሕሪት ዘማዕዱ ኣይሃልወና*
*ምዕባለን ብልጽግናን’ዩ ባህግና -ንወቕዖ ሽቶና*
*ናይ ኢትዮጵያ ጽውጽዋያት ገዲፍና*
*ንዘክር ንሕና ጥንታውያን ምኳና*
*መሰልናዩ ክንብል ‘ሃገርና’*
*ጵንዓት ህዝብና ምስክር ኣሎና*
*መንኩብ ክብ ይበል ይነፉሕ ኣፍልቢ*
*ዓይንና ይከፈት ነርሕዎ ‘ቲ ልቢ*
*ነፍርሶ ‘ቲሓጹር ናይ ጸላኢ ግቢ*
*መኣዲ ሓርነት ክኾነና መግቢ*
*ንጠምት ነማዕዱ፡ ንገንዘብ ኣብ ዙርያና*
*ኣህዛብ ዓለም ተመልሚሎም ክይሓልፉና*
*ኣብ ገለ ድሑርን ዘየማዕብልን ባህሊ ክይደቀስና*
*ንበገስ፡ ንመልመል፡ ነማዕብል ምጭውቲ ሃገርና*
*ሰባት’ኮ ኢና ከም ኩሉ ዓለምና*
*ብለባም መንግስቲ ተመሪሕና*
*ብምዕቡል ትምህርቲ ተኾስኪስና*
*ንሓዋሩ ኣዳዕዴእና - ንኽእል ርእስና*
*ዝተሓፍሰ ምዕባሌታት እንዳ’ ምገስና*
*ዝመጸ ዓመታት እዋን ራህዋን ፍትሕን ክኾናልና*
*ንምነ እስከ ንተሓጐስ ሻምፓኝ ክፈቱልና*
*ዕላልና ንዓጹ ክሳብ ንራኽብ ኣብ ኣስመራና!*

*ሓጺር ታሪኻዊ ጉዕዞ ኤርትራ ብግጥሚ*
*ብርሃነ ኣልኣዛር ኣብ ስያትል*
*፳፬ ግንቦት 2014*